# ኣየምክኑናን

ኔሩ ንዝፈርስ ስጋ ኢላ ኢላ ስቕ ንእትብል እስትንፋስ ቆፂርካ ንዝውዳእ ዕድመ ሎቂምካ ንዘይልቆም መዋእል ካብ ስሌነ ገመድ ካብ ሓመድ ኣዳም ንዘይሕለፍ ሰኒኻ ተሰናይ ነቢዕኻ መንብዒ መንነትካ ጠቃሊልካ ተራ ንበዓል ተራ ገዲፍካ ያ ነበረ ምባልካ ንዘይተርፍ ትምኒት ዓይኑ ንዘይልእኸላ ደገ በሪ ሞት ንዘይሕለፍ ብቻ ይንበር:: ይንበር!

ዕልልታ ኣንጊዳ ዝተቀበለትካ ዓለም ኣውያትን ንብዓትን ኣፀንቢላ ክሳዕ እትስንየካ ይንበር ዓንዲ ንዘይብሉ ሰማይ ደጊፍካ ምእንቲ ባዕሉ ኢሉ ወጊሑ ምምሳዩ መስዩ ምውግሑ ንዘይተርፍ ሓደራ ዘይዕገት ዋሕስ ክመስል ሓደራ ጎይታይ ብሰላም ኣውዕለኒ ኣሕድረኒ ይበሃል::ከታልልዋ ኢሎም ብመፅዓን ከምዝሓለኽዋ ደርሆ ንሞት ዝኣክል ፀላኢ ብሓደራ ጎይታይ ሓቢልካ ክቕረ ብቻ ይንበር::

ሓሊፎም ድኣ እምበር ኔሮም ክንሓልፍ ድኣ ኢና እምበር ኣለና የለውን ድኣእምበር ክነብሩ ኢዮም::ይሕለፉ ድኣ እምበር ያ ነበሩታስ ምባልና አይተረፈን ንገሊኦም ብፅቡቕ ነቶም ካልኦት ብሕመቕ መሲልና መውፅኢ ኣፍ መንትዊ ብርዒ ንገብሮም::

ብስረ ብጅግንነት እነልዕሎም ብኣቀፃፅዓ ዘረባ እነውስኦም ብፍቕሪ እነዘንትዎም ብፍርሒ እንረቁሖም ይሕመቕ ይፀብቕ ገዲፎምልና ንዝኸዱ ናይ መንነት ኣሰር እናፍተልተልና ብልዕቲ ዘረባ ንገብሮም::ምስቲ በዓል ግዘ ተፀባይ ዕፃ ምስ መንነትና ኣዛሚድና ከምዝኸውን ንገብሮም ከምዝሐሸና ከምዘምሕረልና ከምዘጥዕመና ጊዘ ተገናዝዩና ጊደና ከዓ ክሳዕ ንትረኽ ንትርኽ::ታሪኽ ወለዱ እንትሓልፍ ኣብ ኸተመ መልሓስ ሰሪቡ ኣብ ብራና ተኸቲቡ ዝተርፍ ህያው ሓድጊ::

ነዚ ድማ ኢዩ ተግባር እምበር ዕድመስ እትኹሻሕ ቅያ እምበር ሂወት ዘይትፅራሕ ታሪኽ እምበር ኣዱይና ዘይትፍራሕ::

ኣየወ ታሪኽ እንትትረኽ ዝብሎ ኣለዎ ትገለ ገሊኡማ ኣብ ደምካ ኢዩ ዝኣቱ ዝብሎ ክብል::ምሕላፍካ ዘይቀርስ ከምዚ እምበር ኢዩ ዘብል ብህልውካ ሕልፈት የመንየካ'ኣነኸድኣ እንታይ እድበይ ኢዩ ዘብለካ ህልውነትካ ተቀቢሉ ክብረት ንዘለዎ ሕልፈት ኢዩ ዝዕድመካ::

መምህር የማነ ብርሃን ነዚ ኢዩ ተዓዲሉ ስሪት እንዳባ ኾይኑና ናይ ንቡር ያ ነበረ፤ እንተበልናዮ ኔሩ ዘሎን ዝነብርን ኢዩ::

ታሪኽ ምእንቲ ባዕላ ኢላ ዝፈጠረቶን ሕድራ ኣፅኒዑ ኣማዕሪጉዋ ዝሓለፈ ኣብ ሕሊና ሚልዩናት ዝሰፈረ ንምኻኑ ካብ ታሪኽ ንላዕሊ ዝምስክረሉ የለን እሞ

ስኒ ምንካስ ኣበይ ገዛኺ ዕንዓት ኣበይ እንዳኺ ሓሞት ኣበይ ደንበኺ ናብ ምባል ዘእቱ የብልናን::

እንተተደልየ ኻዓ !

ሰብ መሲልና እምበር ለካስ ሓፂን ጥረ
ንስቅያት ንሞት ዘይደልየለን መብረ
ቀቲሎሞ ዘይሞት ባቡር ኣቦ መይሳ
ኣዶ ወሊዳ ትምከን የማነብርሃነይ ኢሳ

ኢሎም ኣብ ቤት ምቁሓን ኣዲስ ኣበባ ድሕሪ መስዋእቱ ምስክርነት ንዝሃቡሉ መዋእል ንዝለቀሙ መተኣስርቱ ምዕዋዕ ይከኣል::

መምህር የማነብርሃን ቂም ዝቋፀረ ኣንጉዕ ርጉፃት ህዝብታት ንሕነ ኢሉ ዝዓደሞ ተቃላሳይ ኢዩ ኔሩ::እማን ይትረፍዶ ንስሌንን ገመድን ተዓዲሉ ንብዓት ሓው ሓፍቲ ዘተርከሶ ዕብበባ ተፀምቢሉ ተሰንዩ ተፋንዩ ሓመድ ኣዳም ክለብስስ ሎሚውን ሰብ ኢድ ናይ ኢዶም ምስረኽቡ ሬሳ ኣሻሓት ከካብ ዘለውዎ ተኣኻኺቡ ንኣፀደ ቤተ ክርስትያንን መስጊድን እንትበቅዕ የማነ ብርሃን ግን ንዘቡቕቡቀሎም ዘኽብሮምን ዝቃለሰሎምን ዝነበረ ርጉፃት ህዝብታት ብርሃን ካብ ምኻን ሓሊፉ ኣብዚ ኣለኹስ ኣይበለን::

የማነ ብርሃን ታሪኽ ስለዝኾነ ግን ኣብ ኣፍ ኩሎም ዝፈልጥዎን ዘይፈልጥዎን ኢዩ ሰፊሩ ህያው ስለዝኾነ ድማ ኩሉ የልዕሎ::

## <u>ክንፈሪ ኢና ኣየምክኑናን</u>

ብዛዕብኡ ብዙሕ ክብል ይደሊ እንታይ ኢለ እንታይ ከምዝገድፍ ግን ኣይፈልጥን ንዓይ ክንድኹሉኹለይ ኢዩ ኔሩ::ብህፃነይ ከም ርህርህቲ ኣዶ ከም የዋህ ኣቦ ክንዲ ብዙሓት ኣሓት ኮይኑ ኢዩ ኣዕብዩኒ::

ኣብ ናይ 1968 ዓም ማእሰርቱ ቆልዓ ስለዝነበርኩ ካብ ምንፋቕ ሓሊፈ ናይ ፀገሙ ተኻፋሊት ኣይነበርኩን::ኣብ ናይ 1973 ዓም መበል ካልኣይ ጊዜ ማእሰርቱ ኣብ ኣኽሱም ምስተታሕዘ ንመቐለ ስለዝወሰድዎ ክረምቲ ክጥይቕ ኢለ ከድኩ::

ብእኒ መቶ ኣለቃ ኪዳነማርያም ኣብ ልዩ ምርመራ ዘስካሕክሕ ስቅያት እናተፃወረ ኣነ ግን ኩነታቱ ሪአ ክጭነቕን ተስፋ ቆሪፀ እንትበክን'ዘውዲቱ ኣነ እዚ ሒዘዮ ዘለኹ መንገዲ ፍሉይ መቃለሲ ሜዳይ ኢዩ ቁሩብ ዘሕዝነኒ ንዓኺ ሓደ መስመር ከየትሓዝኩኺ እዋን ኣርኪቡና ሕጅውን ግን ኣነ ጎደሎ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ናይ ምፍታሕ መሰል ኣይረክብን እንተዘየለ ድማ ዝመንግስቲ እዚ ክሳብ ምቅባዕ ክኸይድ ዝዕበዮን ዘጋጥመንን ስለዝኾነ ድምብርዕ የልቦን ንስኺ ግን ካብ ሕጂ

ብግዴኺ ከም መጠን [1]ለይ ክንዲ ኹልናን ናይ ባዕልኽን ዕማም ሒዝኪ መፃኢ ወለዶ ሓሳብና ከልዕሎ እዩ እሞ ምስኡ ንፍዒ እዋን ሕንቃቐ ቁልዕነት ዘይኮነስ ካብ ዕድሜኻ ንላዕሊ ሰከም ሒዝካ ምጉያይ ኢዩ ጉየይ በለኒ::

ካብ 1971 ዓም ጀሚሩ ንዝብለኒ ዝነበረ ብሂል ዘርእየኒ ዝነበረ መንገዲ ሕ ድሩ ኣሕሊፉ ቃል ኣእተወኒ::ቅድሚ ምሕላፉ ኣብ ዝሰርሓሎም ከባቢታት ኣብ ዓድዋን ዓዲግራትን ብዳይረክተርነት ኣብ ኣኽሱም ድማ ብኣውራጃ ኣመሓዳሪነት ኢዩ ዝሰርሕ ኔሩ ::ምስ ህወሓት ቃልሲ ከም ማእኸል ሂወቱ ኢዩ ዝወስዶ ኔሩ:: ዘይርስዓኒ ወግሐ ፀብሐ ዝጭርሐን ጭርሖታት ኔረነኦ::

ብፅፉፍ መትከል ሃፈፃማውያን ስለዝስዕሩ ናይ ተቃላባዕቲ ምዕግርጋር ዘየናውፅ እዩ!
ሓቀኛ ተባዕን ደፋርን ኩን!
ስቅያት ዘትረሮዩ ኔሩ የማነ::ኣይተለወየን ኣይተምበርከኸን ኣብ ናይ 1973 ዓም
ማእሰርቲ ፍረ ነብሱ ብጥርሙዝ ተሊሖሞ ክሪኦ ከይደ ተጎሳቚሉ ፀኒሑኒ::
እንታይ ድኣ ሓሚቕካ ትሓምም ደለኻ ኣኻ ምስበልኩዎ ከምክኑኒ ደልዮም
ኣይመክንን ኢለዮም ኣጆኺ ክንፈሪ ኢና ኣየምክኑናን በለኒ::

[1]ል 13 ዓመት ከለኹ ስለዝተኣስረ እናተመላለስኩ ይሪኦን ብሕቡእ ብደብዳቤ እውን
ንራኸብ ስለዝነበርና ኣሰሩ ክኸተል ነቲ ዝሓዞ ዕላማ ቅልጡፍ ምላሽ ክህብ ኩነታት
ቃልስን ኣነ ክህልወኒ ዝግባእ እጃም ብዝምልከት መረዳድኢ ቋንቋ ኔሩና::
ውድብና ንምባል ዳዕሮ ኢሉ ይገልፆ ስለዝነበረ
ግዘ ድርቂ ብሓይሊ ገባራይ ተሳዒሩ ዳዕሮና ክትፈሪ እያ እሞ ኣብ ፅጋብ ክንራኸብ
ኢና ኢሉነ ኔሩ ብ1975 ዓም ካርሸለ ኣዲስ ኣበባ እናሃለወ
ቃላቱ ኣይተዓፅፈን ትምቢቱ ሰሚሩ ቃሉ ኣየዕበርኩን ተጋዲለ::
ልዕሊ ኹሉ ዘሕጉሰኒ ኣብ ሙሉእ ሂወተይ ከይተሰውአ ምግዳለይ ምስምዑ ኢዩ::
ተሰዊኡ ምስሰማዕኩ ሓዚነ ግን ድማ ምፍራዩን ዘይምምካኑን ኣሐቢኑኒ::

(ንእሽተይ ሓፍቱ ተጋዳሊት ዘውዲ የማነብርሃን)

ስሚራን ዓወትን ደቁኸ እንታይ ይብላ መቐረት ከየስተማቀራ ብተስፋን ሃንቀውታን
ዓብየን ኢህኣዴግ ኣዲስ ኣበባ እንትኣቱ ድሃይ ኣቦአን ዝቀበፃ ዝተረድኣ ዕሸላቱኽ;

## ኩለ ገድሊ ኣቦና ኢዩ

ሰሚራ ኢዩ ዝብላ ኔሩ ብ1968 ዓም ኣብ ቀዳማይ ማእሰርቱ ተኣሲሩ

እንተሎ ኢያ ተወሊዳ ኣብ ዓመታ ተፈቲሑ ዳግም [1]ል4ዓመት እንተላ ተኣሲሩ::
ብጣዕሚ ትናፍቕን ትማስንን ስለዝነበረት ብ1974 ዓም ኣቦኣ ክትርኢ መቐለ ከደት
የማነብርሃን እግሩ ሰንሰለት ስለዝኣተዎ ከይበኸያ ኢሉ ገና ኣብ በሪ እንትኣትዋ
እግሩ ዓፂፉ ንድሕሪት ገፁ ይፀንሐን::

ናፍቕ ኣቦ ዘቕለውለዋ ሰሚራ እናኾለለት ትሪኦሞ'
ባባየ ንምንታይ ከም ከልቢ ተኣሲርካ; በለቶ ብኣንደበታ
ናፊቀስ ስራሕ ኣይሰርሕን ናብ ደቀይ ኢየ አለ ኣብየዮም ኢሉዋ
እሞ ተጋጊኻ ንሕና ሕዚ ወዲእና መፂና ንስኻውን ወዲእኻዮ ምፃእ
ዋይ ሰብስ መራሒት ኮይኑ በለቶ መራሒት ትብሃል ከልቢ ስለእትፈልጥ
ዳሓር ግን ሰሚራ ዓመት ሓሊፉ ትጉዳይ እናተረዳኣ ምስ መፀ ንዘውዲ
ዘውዲተይ ንስኺ ንፍዕቲ ምስኮንኪ ኣነውን ክዓቢ እየ እሞ ንኣባባ ብሓይልና
ክነውፅእ ኢና ዳሓር ብሓባር ክንነብር ኢና በለታ::
ሰሚራ ዓብያ ኣቦኣ ምስቀበፀት እውን ትብሎ ኣለዋ::
ንኣባባየ ስኢናዮ ግን እንኻዕ ደሙ ፈሲሱ ኣይተረፈ ደቁ ብምኻናስ ተሓጉስና ኢና

([1]ሉ ሰሚራ የማነብርሃን)

ዓወት ንኣቦኣ ኣይትፈልጦን [1]ል3ዓመት እንተላ ኢያ ተኣሲሩ::
ክሳብ 1980 ዓም ስሙ እውን ኣይለዓልን ኔሩ::

ድሕሪ 1980 ግን ተጋደልቲ እናኸዱ እንትጥይቐዋ [1]ል የማነ ክትብል ክብረታ ምΣኑ ብምርዳእ ኣቦይ ዘይፈለጥኩዎ ኢለ ገድሊ ምስኣተው ይዛረብ ኔረ።
ሕጂ ብዙሓት ሰባት ንኣባባ ዝፈልጡ መፅዮም ይጥይቁኒ ኣጆኺ ይብሉኒ ስለዘለው እንኻዕ እ£ ደሃዩ ኣይሰኣንኩ ባባ ጥራሕ ዘይኮነስ ኩለ ተጋዳላይ ኣቦይ ጌረ ወሲደዮ ስለዘለኹ ኣባባ ስኢነ ኢለ ኣይሓዝንን።

([1]ሉ ዓወት የማነብርሃን)

መዓዝ ካብ ስድርኡ ጥራሕ ብቀረባ ዝፈልጥዎ ሒደት ኣይኮኑን። ቃልሲ ገድሊ ምስ ብዙሓት ኣራኺቡዎ ኢዩ ነናቶም ኣባሃህላ ድማ ኣለዎም ንመንነት የማነ እንትገልፁ።

## ኣቦ ድፍረትን ፅንዓትን

ታሪኽ የማነ ታሪኽ ቃልሲ ኢዩ።
ቀደም ተማሃራይ እናሃለወ ኣባል ማሕበር ሽውዓተ ኢዩ ኔሩ። ማእሰርቲ ብዘበነ ሃይለስላሴ ኢዩ ተቦኪሩ። እንተ ንምሽጥር ግና ሰፈራ ኢዩ።
ኣሎ ዝበሃል ናይ ግፍዒ ፈተናታት ኩሉ ንየማነ ተባሂሉ ዝተሰርሐ ክመስል ዘይጠዓሞ የለን።

የማነ ግን ኣቦ ድፍረትን ዕንዓትን ኢዩ ኔሩ። ንዝኣምነሉ ነገር ካብ ምግባር ዘይምለስ ናይ ተግባር ሰብ ኢዩ ኔሩ።ናይ ንግስተ ሰባ ምክትል ዴረክተር እንተሎ ኢየ ዝፈልጦ ።ደደቢት ቃልሲ ተጀሚሩ ፀገም እውን ኔሩ።መድሓኒትን ኩባያታትን ድኣ ንስደደሎም በለኒ። ቀልቡ ተረዳኣኒ ኣመንኩዎ ኣነውን በዓል ውራይ ስለዝነበርኩ።ንትግራይ ኣዐርዩ ይፈቱ መፃሕፍቲ ብትግርኛ ይፅሕፍ ኔሩ። ካብ ማሕበር 7 ጀሚሩ ክሳዕ እቲ ዝነበርናሉ ጊዘ ምናልባሽ እውን ክሳዕ ዳሓር ጉዕዙኡ ብዶኪሜንት ዝተደገፈ ኢዩ።ብጥንቃቀ ኢዩ ዝሕዞ ኔሩ። ብ1968 ተታሒዙ ናብ 10ኛ ሻለቃ ወሲዶም ይቐጥቅጥዎ ክንጥይቕ ንኸይድ።

የማነ ከመይ ኣለኻ; በልናዮ ፍሽኽታ መፈጠሩ ኢዩ ምፅዋግ ኣይኽእልን።
ዞም ቆልዑ ኬድካዮምዶ ኔርካ ኪዶም ድኣ ኪዶም በለኒ።በረኻ ክወፅእ ወሰንኩ ዓርቢ ውፅየ ሰንበት ክእለሽ ውዒለ።ሓደ እዋን ናይ በረኻ ምውፃእ ነገር ኣልዒለሉ ኔረ። ገዛ ሰሪሐ ንስድራይ ዝጥውር ነገር ጌረ እየ ገዲፈሎም ዝኸይድ በለኒ ፈታው ስድርኡ የማነ።

(ነፍስሄር ተጋዳላይ ገብረመስቀል ሃይሉ)

ኣብ ድቕድቕ ፀልማት ናይ ወኸኒ ዓለም ዝተሳለይዎን ናይ መፃብብ ሂወቱ ተገንዚቦም ዝሓለፉ ናይ መቀለን ኣዲስ ኣበባ እስረኛታት ነበር ከ ብዛዕባ የማነ እንታይ ይውከሱ;

## ባቡር

ኣብ 1973 74 ዓም ኣብ ካርሸለ መቀለ ብፍላይ ወጋሕታን ኣጋምሽትን ዝስማዕ ፍሉይ ድምፂ ነቲ ፀጥታ ዘሪጉ ንቀልቢ ኩሉ እሱር ዝስሕብ ኢዩ ኔሩ።

ሓጨው! ሓጨው! ሓጨው! ዝብል ድምፂ

እቲ ፍሉይ ድምጺ ድማ ኩሉ እሱር ዝሰማማዓሉ ስያሜ ረኸበ <u>ባቡር</u> ዝብል ስያሜ።ገሊና እቲ ዝተኣስረሉ መቁሕ ብዝህቦ ድምጺ ጥራሕ እንተይኮነስ ክንዲ ባቡር ትፀሮ ፅንዓት ብምውናኑ እውን ኢና ባቡር ንዝብል ስያሜ ተሳማሚዕና ተቀበልናዮ።

ልዩ ምርመራ ዳሓር ማእከላዊ ምርመራ እናተባህለ ኣብ ዝፅዋዕ ማእከል ስቅያት ብሻምበል ሃብተማርያም ኣተይ ኣተሓባባሪነት ቃላት ክገልፆ ዘፀግም ተደጋጋሚ ፋሽሽታዊ መግረፍቲ ወሪድዎ።ናብ ካርሸለ ምስተልኣኸ እውን ዕረፍቲ ኣይሃብዎን መፃሕፍቲ ዝመልአ ሻንጣታቱ ሒዙ መቁሕ ትኣሲሩ ናብ ውሽጢ ካርሸለ ምስኣተወ ፃት ኣብ ዘይመልአ ጊዜ የማነ ብርሃን ብርሃነ ተባሂሉ ይፅዋዕሞ ተመሊሱ ናብ ልዩ ምርመራ ይውሰድ እንደገና እንዳየሱስ ተወሲዱ ይቅጥቀጥ።ድሕሪ ቁሩብ ናብ ካርሸለ ይመፅእ መሊሶም ይወስድዎ።እቲ ሽዑ ንሽዑ ምምልላስ ከም ሓደ ስነ ኣእምሮኣዊ ምርመራ እዮም ዝጥቀሙሉ ኔሮም።

እዚ ኹሉ እንተኾነ ግን ባቡር ቅምፅ ኣይመፆን ኣእጋሩ መቁሕ ተሸንኪሩ ናብ ካርሸለ እንተኣቱ ግርማ ሞገስን ዓቀን ዝሓለፎ ዓርስ እምነትን ኣይፍለዮን። ምስ መናእሰይ ዓበይቲ ኣረጋውያን ምትሕውዋስ ምዝታይ ባህሉ ኔሩ።ርእሲ ኹሉ ድማ ኩሉ ጊዜ ብስራሕ ምስተፀምደ እዩ።ንኡሱራት ፊደል ናይ ምቀፃር ስራሕ ጀሚርና ፀኒሕናዮ ሽዑ ምስተሓወሰና ስሩዕ ቤት ትምህርቲ ተኺልና 3ይን 4ይን ክፍሊ ነምህር ኢሉና ንሱ ቀዳማይ ርእሰ መምህር ኮይኑ ነቲ ጅማሮ ቀፀልናሉ። <u>ፍልጠት ዘይድፈር ሃብቲ ኢዩ</u> እሞ ፊደል ዘይቆፀርኩም ቁፀሩ ዝቆፀርኩም ድማ ኣንብቡ ፍልጠትኩም ኣዕሙቁ <u>ንኣካልና ክኣስርዋ እንተኾኑምበር ንፍልጠትናን ንእምነትናን ግና ፈፂሞም ክኣስሩ ኣይኽእሉን</u> ይብለና ኔሩ።

ኣብ ብርዒ እውን ፍልጠት ዘይድፈር ሃብቲ ኢዩ ዝብል ጥቅሲ ኣስሪሑ ንፈተውቱ ይህብ ኔሩ ንቋንቋ ትግርኛ ዝነበሮ ተሓላቅነትማ ዓቅሚ ትግርኛይ ክገልፆ ካብ ዝኽእል ንላዕሊ ኢዩ።

ኣንጊሁ ተሲኡ ምስ መቁሕ ኣካላዊ ምንቅስቃስ ይገብር ክብደት ከይተረፈ የልዕል። ብሰንኪ ምሒር ግፍዒ ንዝዓበዱ እሱራት ክዳውንቶም ከፊሉ የሕፅበሎም። የስታርረሎም። ነብሶም ይሓፅቦም። ቁሩብ ጊዜ እንተረክብ ድማ ኣኪቡ ብሕጫጩ የስሕቀና ምስኡ ቁምነገር ሸው እናበለ የስርፀልና።

ሰንበት ሰንበት ከይተረፈ ምስ ስድርኡ ከይራኸብ ተኣጊዱ ስለዝነበረ ብርሑቅ ኮይኑ ከብዲ ኢዱ ጨቢጡ ቅልፅሙ እናልዓለ መልእኽቲ ትረቱ እንተሕልፍ ኒያቱ ካብኡ ሓሊፉ ንዓና እውን የርስነና ኔሩ።

ባቡር የማነብርሃን ብርሃነ ብለካቲት 1974 ዓም ተፀዊዑ ናይ እግሩ መቁሕ ናብ ኢዱ ሓሊፉ ናብ ኣዲስ ኣበባ ክሳዕ ዝውሰድ ኩርዓትናን ሓበናን ኮይኑ ፀኒሑ ኣብ ካርሸለ መቀለ።

(ኣብ መቐለ መተኣስርቱ ተጋዳላይ ብርሃኑ ኣባዲ)

ኣብ ኣጋ ሕልፈቱ ናይ መወዳእታ ዓመታት ጥቃ ጥቃ ሞቱ ምስኡ ዝነበሩ እሱራት ካርሸለ ኣዲስኣበባኸ ከመይ ይገልፅዎ;

## <u>በዓል ወርቂ ትምኒት</u>

መምህር የማነ ብርሃን ብሄራዊ ስምዒቱ ዝፈጠሮም ወርቂ ትምኒታት ኔሮሞ።ካብኣቶም ውሽጢ እቲ ንምዕባለ ስነፅሑፍ ትግርኛ ዘርእዮ ዝነበረ ዕረፍቲ ኣልቦ ሃርኮትኮት ኣብ ታሪኹ ጉልሂ ስፍራ ኣለዎ።ብርክት ዝበሉ ግጥምታትን ምስላታትን ፅሒፉ ኢዩ። ልብወለድ እውን ከምኡ።ንተመሃሮ መሰረተ ትምህርቲ

ዝኸውን መፅሓፍ እውን ምስንዳእ ጀሚሩ ኔሩ። ብመልክዕ ዕውዕዋይ ንህፃናት ፍልጠት ዘጨብጥ መፅሓፍ ናይ ምድራስ ብርቱዕ ድልየት እውን ኔሩዎ።ዓለምለኻዊ ናይ ኣርኪዮሎጂ ኮንፈረንስ ኣብ ኣኽሱም ክካየድ ምግባር ሓሳቡ እውን መርኣያ ርሱን ብሄራዊ ስምዒቱን ተገዳስነቱን ከምዝኸነ ይእመነሉ።ምእንቲ እዙይ ድማ ኣብ ጅቡቲን ፈረንሳይን ምስ ዝርከቡ ጠቢባን ኣርኪዮሎጂ ርክብ መስሪቱ ንኣሳልጦ ምጥያሽ እቲ ኮንፈረንስ ክሰርሕ ፅኒሑ።ቀዋሚ ማእከል ኣርኪዮሎጂ ኣብ ኣኽሱም ክትከል ትምኒት ጥራይ እንተይኮነስ ፃዕሪ እውን ጀሚሩ ኔሩ።

ነዚ ትምኒቱን ፃዕሩን ሕሱም ማእሰርቲን ጭካነ ዝተመልኦ መግረፍቲን ፈፂሙ ከላሕልሖ ኣይከኣለን እ፫ ድኣስ ዝያዳ ኣስጢምዎ።ሂወት ቤት ማእስርቲ ኣይከበዶን ባዕሉ ምግቢ ይስርሕ የንፅፍ ታሕቲ ወሪዱ ብኹሉ ኣብነት ኮይኑ ንሰባት ይሃንፅ ንዝተፀገሙ እሱራት ብፆት ዝከኣሎ ሓገዝ የወፊ።ንትምህርቲ ዘድልዮም መሳርሒ ገዚኡ ይህብ። ኣብ ካርሸለ ኣዲስኣበባ ናይ ዝቆመ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ መምህርን ርእሰ ምምሕዳርን ኮይኑ ፍልጠቱ ንእሱራት ወገናቱ ኣብ ርእሲ ምክፋሉ ተመኩሮ ከካፍለና እንተሎ መንፈሳዊ ቅንኢ የሕድር።መፃሕፍቲ ምንባብ ሂወቱ ኢዩ ንሱ ዝፈልጦ ብፆቱ ክፈልጥዋ ካብ ዝነበሮ ቅኑዕ ተበግሶ ድማ ኩሉሻዕ እስቲ እዚኣ ኣንብብዋ ረብሓ ከይሃለዋ ኣይተርፍን ይብለና። ካብ ኩባን ቻይናን ብቀዋሚነት ንልኣኽሉ ንዝነበረ ጋዜጣታት ግራንማን ቤጂንግ ሪቪውን ከይተረፈ በብግዚኡ ይህበና ኔሩ።

ኣብ ሞንጎ ብፆት ስጡም ርክብ ክህሉን ምርድዳእ ክፍጠርን ዘይተቖጠበ ፃዕሪ ይገብር ኣብ ርእሲ ምንባሩ ህዝቢ ትግራይን ህዝቢ ኤርትራን ምሕዝነቱ ከድልድል ዘይተሓለለ ፃዕሪ ክገብር ፀኒሑ ኢዩ።

የማነ ዘይኮኖን ዘይገበሮን ነገር ኣይነበረን የማነ ብርሃን ኢልካ ስቅ ደኾን ይሐሽ;

(ናይ ኣዲስ ኣበባ መተኣስርቱ ተጋዳላይ ሰለሞን ገብረኣምላክ)

የማነን ብዙሓት የማነታትን ዝሓለፉሉ ወያነ ካብ ምዕራፍ ናብ ምዕራፍ ተሰጋጊሩ እነሆ ኣብ ዝለዓለ ገድላዊ መድረኽ በፂሑ።

ሂወት የማነታት ዝቀንፀላ ጠያይቲ ድምፀን ሃዲኡ።ዕማም በዓል የማነ ግን ኣይተዓመመን።መወዳእታ የማነብርሃን ካብ መፃብብ ቤት ሞቁሓን ተፀዊዑ ወፅዩ ኣብዚ ናብ ዘይንብሎ ቦታ ተወሲዱ በዚ ብዘይንብሎ ዓይነት ኣቀታትላ ብ1978 ዓም ሞት እንትድገስ እንታይ ኢሉ ሓሊፉ ከምዝኸውን ምግማቱ ኣይከፀግምን። ወዲ ሓደራ ኢዩሞ ንሱውን ሓደራ ካብ ምሕላፍ ዓዲ ኣይክውዕልን ውጥኑ ከኸምብት ትምቢቱ መሊኡ ክሰምር ድማ ኩልና ሰብ ግዞ ቅድሚ እታ ዘይትተርፍ ፅዋዕ ሎሚ እውን ንታሪኽ ዕዱማት ኢና።

እንተ የማነብርሃንን ኣሸሓት ሰማእታትን ዝኾልዕዎ ባና ሓርነት ከይትፀልም ግን ኣበደን።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!

ኢያሱ በርሀ  1984 ዓም